ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

# ደምዳሚ መግለጺ

## 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ኣብ ብሩህ ተስፋታት ሓድሽ ዓመት 2016ን ከሙኡውን መበል ዓስራይ ዓመት ምምስራት ሰልፊ መንፈስን ሓድነትን ዝዓሰሎ ሃዋሁው : ምልክነት ግበታዊ ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ ብዲሞክራሲ ዝተሃንጸት ኤርትራ ክንሃንጽ ብዝብል ብሩህ ተስፋ ናይ ቅድምን መጻኢ መደባትን ሰልፊ ዝተዓመሙን ገናውን ኣብ መደብ ዘለዉ ብሓባር ምስኩሉ ኣባላን ደገፍትን ሰልፊ ኣብ ዕውት ትግባረ ኣብትሕቲ " **ቅድም ቀዳድም ድሕነት ህዝብን ሃገርን**" ዝብል ቴማ ካብ 20 ክሳብ 24 ታሕሳስ 2015 ዓ/ም ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ሱሩዕ ኣኬቡኡ ኣሰላሲሉ :: ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባኡ ዘካየደሉ እዋን : ወድዓውን በዓልቤታውን ጉዳያትና ምድህሳስን፡ ካብ'ቲ ኣብ ኤርትራ ገባቲ ብስርዓት ህግድፍ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደገኛ ኩነታትን ኣብዚ ግዜዚ ድማ ህሉው ኩነታት ናይ መራሒ ግበታ ስርዓት ተበጊስና ሲናርዮ ሃገርና እንታይ ክከውን ይኽእል ዝብልን : ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ዘንጸላሉ ዘሎ ሓደገኛ ክውንነትን ሳዕቤናቱን ምምርማር ማእከላይ ዕላማ ኣኼባና ብምግባርን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝራእዩ ዘለዉ ብኩራት ብምድህሳስ መፍትሒታት ኣብምንዳይ ዘተኮረ እዩ ተኻይዱ፡

ኣብዚ 25 ዓመት ድሕሪ ምእዋጅ መሬታዊ ነጻነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ኤርትራዊ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ክብሪ ስኢኑ፡ፖለቲካውን ሰብኣውን መሰላቱ ተነፊጉ፡ ኣብ ትሕቲ ዳግማይ መግዛእትን ባርነትን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝነብር ዘሎ ምኧኑ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝተኸተሎ ግጉይ ስልቲን፡ ንምልካዊ ስልጣኑ ዘገልግል ዝደኰኖ ኣዕናዊ ምሕደራን፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወት ኤርትራዊ ዜጋታት ኣስዒብዎ ዘሎ መሰረታዊ ሽግራትን ፈጢርዎ ዘሎ ዓቕሊጽበትን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብሰንኪ ኣብ ኩሉ ቀጸላታት ሃገር ኣተኣታትይዎ ዘሎ ሰብኣውን ማተርያላውን ዕንወትን ብርሰትን፡ነታ ሃገር ናብ ሓደጋ ምብትታን ይመርሓ ምህላዉ ኣመልክቱ ብዕምቆት ዘትይሉ : ካብ'ዚ ዝስዕብ መሰረታዊ ሓቅታት ብምብጋስ ድማ ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ እዚ ዝስዕብ ገምጋም ኣቐሚጡ ፥

- ኣብ ሃገራዊ ኩነታት ሃገርና እዚ ዘሎ ገባቲ ስርዓት ጥቕሚ ሃገር ዘይኮነስ ናይ ገዛእ ርእሱ ስልጣን ምድልዳል ቀዳማይ ዕላምኡ ስለ ዝኾነ፡መዋእለ ስልጣኑ ንምንዋሕ ካብ ዝጥቀመሎም ፖሎቲካዊ መሳርሒታትን ስልትታትን፡ኣውራጃን ሃይማኖታውን ዝንባሌታት ህዝብና ምምዝማዝ'ዩ። ሳዕቤናት ናይ'ዚ ግጉይ ስልትታት'ዚ ድማ ኣብ ሞንጎ ህዝብና ዘይምትእምማን ንክፈጥሩ ህርዲግ ይብሉ : ህዝቢ ኤርትራ እስላም ይኹን ክርስትያን፡ወይ ወዲ ከበሳ ይኹን ወዲ ቆላ ብዘየገድስ፡ ከም ደቂ ሓንቲ ሃገር ተኸባቢሮም ማዕረ መሰላት ተሓልዩሎም ሓቢሮም ዝነብሩላ ሃገርን መሬትን ክትከውን፡ እንተ ንጽቡቕ እንተ ንዕንወት ኣብ ሓልዮትን ሓላፍነትን ናይ'ቶም ስልጣን ሒዞም ሃገር ዘመሓድሩ ዝምርኮስ ፖለቲካዊ ውሳኔ ኮይኑ : ባኣንጻሩ ግን ኣብ ኤርትራ ውላሓንቲ ንጣብ እውን ትኹን ፖለቲካዊ መሰል ብገበቲ ጉጅለ ተዓፊኑ ድምጺ ህዝቢ ንምቅላሕ እተን ቁሩብ ዝተገብራ ፈተነታትውን ፈሺለን ።
- ኣብ ኢኮኖምያዊ እውን እንተኾነ ስርዓት ህግደፍ ንኹሎም ትሕተ-ምድራውን ልዕለ-ምድራውን ምንጭታት ሃብቲ ሃገር ገቢቱ፡ ወፍሪ ወጻኢ ርእሰማል ዓጊቱ፡ ብሕታዊ ቁጠባዊ ተበግሶታትን መሃዝነትን ተዓጻጻፍነትን ዜጋታት ዓጽዩ፡ ከም ድላዩ ሕግታት እናለዋወጠ ብዘይ ሕጊ ገንዘብ ክቅየር ስለዝኮነ ምለስዎ ባንክ ክትመልስዎ እንከለኹ ቆጺርና ኣይንርከበኩምን እንዳ በልካ ሩኡይ ዝምታ ምግባርን እቲ ፖለቲካዊ ፍሽለት ዘንጸባርቕ ክሳብ'ቶም ዝነኣሱ ዜጋታት ክመሓደሩሉ ዝግብኦም ምንጭታት ማእቶት ከይተረፉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩን ብእምእታውን እዚን ካልእን ተደማምሩ ነታ ሃገር ናብ መንገዲ ብርሰትን ጥምየትን ደርቢይዋ ይርከብ ካብዚ ብምባጋስ ድማ እዮ ሜድያታት ዓለም ኣብዚ ግዜዚ ሃገርና ኤርትራ ካብ ብጥምየት ዝተጠቕዓ ሃገራት ዓለም ብቐዳምነት ሰሪያማ ዝርከቡ ።

1. ኣብ ውጻኢ ዝምድናታቱ እውን ገባቲ ስርዓት መንገዲ ሰላምን ርግኣትን ዲሞክራስን ተኸቲሉ ምስ ህዝቡ ዘይላዘብን ጥቕሚ ህዝብን ሃገርን ዘይሕሉን ስርዓት፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ከይተረፈ ብሰላም ክነብር ዘይክእል ምኧኑ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ብተግባር ኣረጋግጽዎ ክኸውን እንከሎ በቲ ኣብ ከባቢናን ዓለምን ዝጀመረ ማዕበል ህዝቢ፡ ነዚ ስርዓት እቶም ንዑኡ ዝመስሉ ህዝቢ ዓሚጾም ንዑኡ እውን ዘበራትዑ ዝነበሩ ዲኮታቶርያውያን መራሕቲ ብምእላዮም : ብተጣበቕቲ ሰባኣዊ መሰላት ለውጢ ናይ ኣረኣእያ ምጅማሩን ኣብ ጉዳይ ኤርትራውያን ክሳብ ክንደይ ፖለቲካዊ ጸቕጢ ከምዘሎ በቶም ናብቲ ሃገር ተላኢኾም ዝኣተዉ ተዓዘብቲ ከም ዝተመስከረን ይረገገጽ : እዚ ድማ መርኣያ ውድቀት ናይ ስርዓት ሙኧኑ ርእዩ ። ኣብ ጉዳይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን : ብሰንኪ ኣብ ሃገርና ዘሎ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ህዝብና ዝወርዶ ዘሎ መዳርግቲ ኣልቦ ግፍዒ ንምምላጥ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ይስደድን ይዕቀብን ከም ዘሎ ከሉ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። መንእሰያት ኤርትራውያን ኣብ ዉሽጢ ሃገር ኮይኖም ብሰላም ንኸይነብሩ ዝገብሮም ቀንዲ ጉዳይ፤ ደረት ናይ ጊዜ ዘይብሉን ብሓይሊ ናይ ምዕስካር ወፍሪ ባርነት ዝኾነን "ሃገራዊ ኣገልግሎት" ኣይ ተጸሚሞም ክነብርዎ፣ ኣይ ተኣልዮምሉ ክእሰሩን ክቕጽዑን ሓደ ካብ ሓደ ዘይሓይሽ መርገም ብመንግስቲ ህግደፍ ስለዝተኣወጀም እዩ። እዚ ከይኣክል ግን ኤርትራውያን ካብ ናብ ዶብ ምስጋርን ዝስዕብ ፈታኒ ጉዕዝኦምን ጀሚርካ ክሳብ ኣብተን ዑቕባ ዝሓተቱለን ሃገራት ዘጋጥሞምን ዝወርዶምን ዘሎ ግፍዕታት ኣብዚ ዘመን እዚ መወዳድርቲ ዘይብሉ ክበሃል ዝከኣል ኢሰብኣዊ ግህሰት እዩ ዝፍጸም ዘሎ። ብዘይካዚ'ውን ገለ ሃገራት ኣብ ጉዳይ ኣታሓሕዛ ዜጋታትና ንዓለማዊ ሕጊ ስደተኛታት ብምጥሓስ ኢሰብኣዊ ዝኾነ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ክፍጽማ ይራኣያ ኣለዋ። ዑቕባ ንዝሓተቱ ስደተኛታት ዜጋታትና ናብ ኤርትራ ንምምላሶም እዚ ማለት ከኣ ናብ ዓለም ዝፈልጦን ንዝኾነ ሰብ ምሕረት ዘይግበረሉን ግፍዒ ናይ ስርዓት ህግደፍ ኣሕሊፍካ ንምሃቦም ዝግበር ዘሎ ኣካይዳ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ምኧኑ ርእዩ ። ባንጻሩ ድማ ህዝቢ እቲ መታለሊ ተግባር እቲ ስርዓት ብምስትብሃል ኣብ ምቅዋም እቲ ስርዓት ኣብ መላእ ዓለም ይድንፍዕ ምህላዉን መርኣያ ናይዚ ድማ ናይ ጀነቫ ናይ ኣሜሪካን ሰላማዊ ሰልፊ ቀንዲ መሰኸኽር እዮም :ነዚ እውን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ሓድነቱ ጠሚሩ ነዚ ህዝባዊ ትንሳኤ ክመርሕ ንጽባሕ ዘይባሃሎ ስራሕ ይጽበየና ምህላዉ ኣስሚርሉ።

- ኣብ ጉዳይ ደምበ ተቓውሞ ፡ ናብ ጉባኤ ኣዋሳ ዘሰጋገረና፡ እኩብ ድምር ውጽኢት ናይ'ቲ ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ ብተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕርታት እዩ። ድሕሪ 1998 ፡ንመጀመርያ ግዜ ውድባት ምሕዝነት መስሪተን ኣብ ትሕቲ ጽላል "ኤርትራዊ ሃገራዊ ምሕዝነት" ክጥርነፋ በቒዐን። ካብ'ቲ ፋልማይ ናይ ዘተ መኣዲ ምስ ተኸፍተ ጀሚሩ ድማ፡ኣብ ዝሓለፈ መዋእል ኣብ መንጎ ውድባት ነጊሱ ዝነበረ ጽልእን ቅርሕንትን ቀስ ብቐስ ብልዝብን ዘተን እናልገሰ ብምኻድ፡ምስ ፍልልያትካ ኣብ ሕድሕዳዊ ምክብባርንን መርድዳእንምዕዛዝ ተራእየ። ከም ውጽኢቱ ድማተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ዝተኻየደ ኤርትራዊ ሃገራዊ ጉባኤ ፡ ንኹሉ ሓይልታት ተቓውሞ ዝጠርነፈ ሰፊሕ ሃገራዊ ጽላል ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ክምስረት ምኽኣሉ፡ ንገዛእ ርእሱ ምልክት ፖለቲካዊ ብስለት ኤርትራዊ ተቓውሞ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።
  እዚ ኮይኑ ግን እቲ ንመብዛሕቱኡ መልክዕ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝሓቑፈ ብኸቢድ ርብርብ ዝተተኸለ ሃገራዊ ባይቶ ካብዚ እትይዎ ዘሎ ደውታ ኣመልኪቱ ህዝቢ ሰልፊ ብሰንከ እቲ ካላእዊን ምምሕዳራውን ፍልልያት ደምበ ተቓውሞ ኣብ ዕንክሊል ይነብር ምህላዉን ብሰንኪ እዚ ድማ ብፍላይ ድሕሪ ህጹጽ ህጹጽ ኣኼባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ደውታ ኣትዩ ምህላዉን ፡ጠንቁ ድማ እቲ ዳግማይ ብሚዛኑ ዘይሓለወ ቕርጻ ዝተሃንጸ ኣቃውማ ህጹጽ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ዝወሰዶ ውሳኔ ሙኳኑን ፡ እዚ ድማ ኣብ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣሰናዳኢትን ዝተረኽበን ተርኽቦ ሙኳኑን ኣንፊቱ ፡ ኣብ ጉዳይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ዝዛሕታለ ንጥፈታቱ ሰፊሕ ጠመተ ከምዘድልዮን ዳግማይ ንምብርባሩ ክዕየዩ ዘለዎም ዕዮታት ርእዩ ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘለዉ ተርእዮታት እውን ብምድህሳስ ካላኣዊ ፍልልየት ንቕድሚት እንዳመጹ ኣብ ደውታ የእትዉ ምህላዎም ብምርኣይ ፡ ንጉዳይ ሰሚናራት ፍራንክፈትን ኬናያን ሱሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ብዕምቖት ርእዩ ፡
- ንውሽጣዊ ኩነታት ሰልፊ ስርሓቱን ብዕምቀት ብምርኣይ ነቲ ዝጸንሓ መሪሕነት ዝሰላሰሎም ዕማማት ኣሞጉሱ ፡ ከይዲ መደባቱ ንምዕዋት ኣብያተ ጽሕፈቱ ብጽፈት ክኸዱን ኣብ ፖለቲካዊ ኀስጓስን ዜናን ሰልፍና ብዝላዓለ ደረጃ ኣብ ምስራሕ ብዝላዓለ ደረጃ ዕብየት ከምዘርኣየን ፡ ውዳቤ ንምሕያል ድሮ ዝተተኸሉን ገናውን ኣብ ዝተክሉ ዘለዉ ሓደስቲ ጨናፍር ኣቶኪሩ ዕላማ ሰልፊ ንምብጻሕ መደባቱ ብምስራዕ ከም ዝብገስን ንዝምድናታቱ ዝምልከት ምስ ኩሎም ደለይቲ ፍትሒን ብፍላይ ምስ ሰልፍና ሓደ ዓይነት ፖለቲካዊ ሕቶን ራእያን ዘልዎም ኣብ ጉዳይና ንሕቶ ህዝብን ሃገርን ቀዳምነት ዝሰርው ሓይልታት ኣመልኪቱን ኣብ ሓድነት ደምበ ተቓውሞ ኣቶኪሩ ከምዝሰርሕን ፡ኣብ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕትን ማሕበራትን ብፍላይ ማሕበራት ጀበርቲ ኣመልኪቱ ብዕምቀት ድሕሪ ምዝታይ ንጉዳያት መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮን ኣገዳስነቶም ኣብ ሰልፊና ዘትዩ ።

ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ኣብ ዝሰርዖም ኣጀንዳኡ ኣብ ውሽጣዊ ኩንታት ሰልፍናን ጉዳይ ውሽጢ ሃገርን ደምበ ተቓውሞን ዞባውን ኣህጉራውን ኩነታትን ድሕሪ ምርኣይ  እዞም ዝስዕቡ ውሳኔታት ኣሕሊፉ፡

- ኣብ ሃገራዊ ኩነታት ፡ ጸረ ዲሞክራሲ ዝኾነ ስርዓት፡ ኣብ ሰብኣውን ሓርነታውን መሰላት ደቂ ሰባት ዘይኣምን፡ ብባህልን ልምድን ሃገር ክጣላዕ ድሕር ዘይብልን ብምኳኑ፡ ስልጣኑ ንምሕላውን ምንዋሕን ክብል ብዝኾነ ክቋመር ድሕር ዘይብል ሕልና ዘይብሉ ስርዓት እዩ። ሃገርና ኤርትራ በዚ ግበታዊ ስርዓት ኣእትይዎ ዘሎ ኩለ መዳይ ዕንወት ሃገርን ህዝብን ብንእሽተይ ዝረኤ ዘይሙኳኑ ብምስትብሃል ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ኣብ ኤርትራ እቲ ስርዓት ባዕሉ ብዝፈጠሮም ትንኩሳታት ኹናት ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ብምስምስ ናይ ሉኣላውነት ኣስታት ፍርቂ ህዝቢ ኤርትራ ብሃገራዊ ኣገልግሎት ጅሆ ብምሓዝን በዚ ምኽንያት ሃገር ጠንጥኖም ብምጥፋእን ህዝቢ ዘይብላ ሃገር ሉኣላውነታ ብዝላዓለ ደረጃ ናብ ሓደጋ ኣስጢሕዎ ከምዝርከብን ከምዚ እንተኾይኑ ድማ እዚ ስርዓት ብሉኣላውነት ሃገር ይሓስብ ኔይሩ እንዝኸውን ደቂ ሃገር ሓብሒቡ ውሽጣዊ ሓድነት ንኹሉ ዝጥርንፍ Policy ምተኸለ ስለዝኾነ ሉኣላውነት ኤርትራ ክድሕን እንተኾይኑ ብገባቲ ስርዓት ህግድፈ ዘይኮነስ ንህዝቢ ዝሓቁፍ ሓድነት ዘውሕስ ዲሞክራስያዊ ባእታ ጥራይ ከምዝኾነ ብምርዳእ ኣብ ኤርትራ መሰረታዊ ለወጢ ክግበር ከምዘለዎን ነዚ ንግባር ድማ ቃልሱ ኣጠናኺሩ ክቕጽል ሙኳኑ ኣስሚርሉ ። ኣብ ጉዳይ ኤኮኖሚ እውን እንተኾነ ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ፖለቲካዊ ጸቕጥን ጥምየትን ዳግማይ ኣብዘይ ትእከበሉ ምብትታንን ይስዕርር ምህላዉ ብምዕዛብ ሃገራት ዓለም ብኽፉት ቀላሕታ ክገብራሉ ይጽውዕ ። ኣብ ጉዳይ ዝምድናታት እውን እዚ ዘሎ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ሃገራት ኢድ ምትእትታውን፡ ግብረ ሽበራዊ ትግባራት ኣንጻር ካልኦት ምክያድን፡ ንስርዓት ኤርትራ ምስ ከባብናን ዓለምናን ኣብ ወጥሪ ኣእትይዎ ዘሎ እኪይ ተግባሩ ምኳኑ፡ ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ልዕሊኡ ዝተወሰደ ናይ እገዳ ውሳኔ ከም ዝተወሰከሉን ፡ ንኩለን ጎረባብቲ ሃገራትን ሰላም ዝኸልእ ኣካይዳ ገና ይቕጽሎ ምህላዉን ኣስሚርሉ ።
- ኣብ ጉዳይ ደምበ ተቓውሞ ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ኣብ ናይ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንጥፈት ውሽጣዊ ሓድነቱ ንምድልዳል  ከም መሰረታዊ ቅድመ ኩነት ብምውሳድ ፡ ሰልፍና ኣብ ውሽጢ ደምበ ተቃውሞ ዝጸንሔ ዘይምትምእምማን ንምፍዋስ ብዕቱብነት ክሰርሕን፡ ነቲ ዘይተመለሰ ዘሎ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ክምለስ ከምዝኽእል ብግብሪ ንምርግጋጽ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ምስራሕ ከምዘድልዮን ነዚ ድማ ብቐንዱ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ካብቲ ኣትይዎ ዘሎ ደውታ ወጺዩ ኩለን ኣካላት ባይቶ ካልኣዊ ፍልልያተን ንድሕሪት ገዲፈን ብሓባር ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ክግስግሳ ክሰርሕን  ፡ ሰልፊ ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራሲ ኪዳን መሪሕ ተራ ብምጽዋት  ንኩለን ደምበታት  ተቓውሞ ጠሚሩ ክኸይድ ከምዘለዎ ብምስማር ብሓባር ድማ ነቲ ዓቢ ተስፋ ተነቢሩ ዝነበረ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ካብዚ ዘለዎ ኩነታት ንምውጻእን ደልዲሉ ናይ ቃልሲ ሓድነቱ ብምጥማር ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ንምቕናዕ ከምዝሰርሕ ኣሰሚሩ ፡፡ እዚ ድማ ናይ ኩሉ ደላይ ለውጢ ሓላፍነት ሙኻኑን ነዚ ንምትግባር ኩለን ደምበታት ተቃውሞ ናኣሽቱ ፍልልያተን ንጎኒ ገዲፈን ኣብ ሃገራዊ ኣጀንዳ ክሰማመዓን ከምዘለወን ርእዩ ፡ ኣብ ጉዳይ ኣኼባ ኬንያ ብሰልፊ እቲ ተወሲዱ ዘሎ ሱጉምቲ ነቶም ዝተራእዩ ሃጓፋት ክዕርን ዘይሚዛናዊ ኣቡኡ ዝተራእዩ ሱታፈ ብምንቃፍ ፡ ሓድነት ኩሉ ተቓውሞ ብምውሓስን ነቲ ድሮ ተጀሚሩ ስራሓት ሃገራዊ ባይቶ ንምምላእ ክኸውንን ፡ ናይ ፍራንክ ፈርት ኣኼባ እውን እቲ ትካል እኹል መጽናዕቲ ናይ ደምበ ተቓውሞ ከይገበረ ከምዘካየዶን ሓላፍ ዘላፍ ናይ ተሳታፍነት ከምዝንበሮን ብምስማር ንቐጻሊ ከምዚ ዓይነት ሃገራዊ ዘተ ምልኣት ዘለዎ ክከውን ኣስሚርሉ ፡ብተወሳኺ እውን ሰልፊ በቲ ውሳኔኡ

መሰረት ግን ኣብ ዝኾነ ናይ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘተ ተኻፊሉ ንህዝቢ ሃገርን ኤርትራ ዝጠቅም ስራሕ ከምዝሰርሕ ወሲኑ ።

- ንገምጋም ውሽጣዊ ኩነታት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝተራእዩ ዕንቅፋታት ንምስጋር ሓባራዊ ድልየትን ግሉጽነትን ብዝሰፈኖ ምይይጥ ብምግባር ፡ ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ነቲ ዝጸንሓ መሪሕነት ክቕጽል ብምውሳን ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ክብደሆ ዝጸንሓ ናይ ውሽጥን ሕጽረታትን ናይ ግዳም ብደሆታትን ብምብዳህ ፡ ማእከላይ መሪሕነት ብመሰረት ዝተዋህቦ ሓላፍነት ተርኡ ክጸወትን  ብመሰረት ዝሓንጸጾ ፕሮግራም ንኩሉ ጨናፍር ዝሓቑፍን ዝጥርንፍን  ኣሰራርሓኡ ንምምዕባልን ኣብርቲዑ ብምዕያይ ንጸላኢ ዓንዲ ሕቖኡ ክሰብር፡ ኣብ መወዳእታ ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ንዝቕጽል ዓመት  ብዝሓየለ ዝሰራሓሎም መደባት ስራሕን በጀትን ናይ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ማእከላይ መሪሕነትን ኣጽዲቑ ።

**ለበዋታትን ሳልሳይ ሰሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት**

- ህዝቢ ንምድሓን ኩሉ ናይ ቃልሲ መሓውራቱ ብምጥርናፍ ንሃገርና ካብ ብርሰት ዘድሕን ንኩሉ ኤርትራዊ ብማዕረ ፍትሓዊ ናይ ስልጣንን ሃብትን ምምቕራሕ ዘረጋግጽ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካል ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ  ድሮ ሃኒጽዎ ዘሎ ሰረትን ክብርታትን መትከላትን ብዝግባእ ክንጸባረቕ ።
- ነቲ ዘይተመለሰ ዘሎ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ክምለስ ከምዝኽእል ብግብሪ ንምርግጋጽ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ምቅላስ  ፡
- ኣብ ምላእ ዓለም ዝርከቡ ኣባላትን ደለይቲ ለውጥን ደምበ ተቓውሞን ዲፕሎማስያዊ መሓውራት  ገባቲ ስርዓት ንምቕጻይ ምቅላስ
- ውሽጣዊ ሓድነት ሰልፊ ንምዕቃ ብኹለ መዳይ ንምሕያል ኩሎም መሓውራት ሰልፊ ወዳቤኹም ከተሕይሉ ይጽውዕ።
- ሰልፊ ኣብ ጉዳይ ርክባት ምስ ሓይልታት ደለይቲ ለውጥ ምስ ዕላሙኡ ዝዛመዱ ንምጽማድ ኣዕሚቑ ክሰርሕ ።
- ሰልፍና ኣብ ጉዳይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ኣገዳስቶም ብዕምቆት ብምርኣይ ንመስርሕ ቃልሲ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምድጋፍ ነፍሶም  ክጥርንፉን ከጠናኽሩን ንምሕጸን ፡ ድሮ ተመስሪተን ኣብ ቃልሲ ዝርከባ ማሕበራት መንእሰያት ድማ ፍልልያትን ንነኒ ገዲፈን ኣብ ድሕነት ሃገር ጥራይ ብምትኩዋር ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ክቓንዓ ንጽውዕ።
- ደምበታት ተቓውሞ ምስ ናይ ሃገርና ኩነታት ዝመጣጠንን ነዚ ዘሎ መድረኽ ዝተዓጻጸፎ ናይ ለውጢ መድረኽ ንክፍጠር ጻዊዒት ኣቕሪቡ ።
- ኩሉ ኣካል ሃገራዊ ባይቶን ደገፍቱን ንዕላማ ሃገራዊ ባይቶን ንምዕዋት ብኹሉ ዓቕምና ክንሰርሕ ንምሕጸን ።
- ንህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን ዲሞክራስያዊ ኤርትራ ንምህናጽ ኣብ ቃልሲ ኣንጻርዚ ገባቲ ስርዓት ንክዓስሉ ንጽውዕ ።
- ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ  ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብቐጻሊ ዘንብሮ ማዕቀብን ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝድግፍ መርገጻቱን፡ ብፍላይ ድማ እቲ ዳሕረዋይ ንሰብኣዊ መሰል ኣብ ኤርትራ ዝከታተል ወኪል ሕቡራት ሃገራት ብምምዛዝን ውጺኢት ብምቕራብ ድማ ዳግማይ ማዕቀብ ምግባሩ የሞጉስ።ኤውሮፓዊ ሕብረት ንመናውሒ ዕድመ ግበታ ዝከውን ሓገዝ ንገባቲ ጉጅለ ምሃብ ዘይቅንዕ ሙኳኑ ብምስትብሃል ደው ክብሎ ንጽውዕ ።
- ደለይቲ ፍትሕን ዲሞክራስን ጎረቤት ሃገር የመን ምእንቲ ፍትሕን ዲሞክራስን ዝገብርዎ ዘለዉ ቃልሲ ብምምዃስ ዓወት ናይ ውጹዓት ሙኳኑ ብምእማን ክሳብ መወዳእታ ክረባረቡ ንጽውዕ ።
- ናብ መላእ ዓለም ዝርከቡ መሰረታት ሰልፍና ፡ ውድባት ፡ ማሕበራት፡ ውልቀሰባት ነዚ ቃልስና ዕውት ክኸውን ዝሃብኩምናን ገና እውን እትህቡና ዘለኹም ደገፍ ነሞግስ ።
- ኩሉም ደለይቲ ፍትሕን ሰላምን ሃገራትን ሓይልታትን ንዲሞክራስያዊ ተጋድሎና ክድግፉን ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ክንጽሉን ነማሕጽን። ንመንግስቲ ሃገረ ሱዑዲ ዓረብ ከምቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዝደናገጽዎ ዝነበሩ ፡ ነዚ ዘሎ ኩነታት ኤርትራ ኣብ ግምት ኣእቲዮም ናብ ህዝቢ ኤርትራ ፉሉይ ቆላሕታ ክገብሩ እንዳ ጸዋዕና ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ንህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ዝህብዎ ደገፍን፡  ሓባራዊ ረብሓታት ክልትኡ ህዝብታትና ንምርግጋጽን፡ ዞባዊ ጸጥታ ምርግጋእን ንምዕዛዝን፡ ኣብ ጎኒ ተጋድሎና ደው ብምባሎም ነሞጉስ።

ኣብ መደምደምታ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ንኩሉ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዘለዉ ኣባላት ሰልፍን ብፍላይ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብሓፈሻ  ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2016 ዓ/ም ክኾነሎም እንዳተተምነየ ፡ መጻኢ ሓድሽ ዓመት ኣብ ሃገርና ዘበነ ግበታ ኣብቂዑ ዘመነ ፍትሕን ዲሞክስራን ሰላም ቅሳነትን ምትእኽኻብን ክኾነልና ኩሉ ዓቕምኹም ኣዋፊድኩም ኣብ ቃልሲ ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ክትዋሰኡ ንጽውዕ ።

**ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ !!**

**ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

**24 ታሕሳስ 2015**